National Institute for Public Health
and the Environment
*Ministry of Health, Welfare and Sport*

# ንውላዳካ ካብ 12 ተላብዕቲ ሕማማት ተኸላኸል

## ሃገራዊ መደብ ክታበት

ቅድሚ ሕጂ፥ ኣብ ሃገረ ነዘርላንድ ህጻናት ብመልከፍቲ እዞም ሕጂ ክታበት ተረኺብሎም ዘሎ ተላባዕቲ ሕማማት ተጠቒዖም ይሞቱ ኔሮም። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ግን፥ ዳርጋ ኩሎም ኣብ'ዛ ሃገር ዘለዉ ህጻናት ስለ ዝኽተቡ፥ መልከፍቲ ናይ'ዞም ሕማማት ኣዝዩ ውሑድ እዩ። ብመሰረት ሃገራዊ መደብ ክታበት፥ ኩሎም ህጻናት ብዘይ ዝኾነ ይኹን ክፍሊት ብናጻ ክኽተቡ ይኽእሉ እዮም።

### ተላባዕቲ ሕማማት ከመይ ዝበሉ እዮም?

ተላባዕቲ ሕማማት፥ መብዝሕትኡ ግዜ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይመሓላለፉ። ህጻናት ኣንጻር ናይ'ዞም ተመሓላለፍቲ ሕማማት እንተዘይተኸቲቦም፥ እዞም ሕማማት ልበዳ ከኸትሉ ይኽእሉ። ጠንቂ ናይ'ዞም ተላባዕቲ ሕማማት፥ ባክተርያን ቫይረስን ዝተባህሉ ታህዋስያን እዮም።

**ኣብ ነዘርላንድ 95ሚእታዊ ናይ ህጻናት ዝተኸተቡ እዮም።**

### ኣገዳስነት ክታበት እንታይ እዩ?

ክታበት ንህጻናት ካብ'ዞም ሕማማት ይከላኸለሎም። እቶም ተላባዕቲ ሕማማት ኣብዘይተኸትቡ ህጻናት፥ ከመላለሱ ይኽእሉ። በዚ ምኽንያት እዩ ድማ ነፍሲወከፍ ህጻን ኣብ ሃገራዊ መደብ ክታበት ክሳተፍ ኣገዳስነት ዘለዎ። ሃገራዊ መደብ ክታበት፥ ኣብ ዓመት ኣስታት 2.5 ሚልዮን ክታበታት የካይድ።

### ኣንጻር ኣየኖት ሕማማት እዮም ህጻናት ክታበት ዝረኽቡ?

ኣብ ነዘርላንድ፥ ህጻናት ጸረ 12 ሓደገኛታት ተላባዕቲ ሕማማት ይኽተቡ። ክታበት ዝጅምረሉ እዋን፥ እቲ ህጻን ዕድሚኡ ኣብ መንጎ 6ን 9ን ሰማንታት ከሎ እዩ።



### ክታበታት ማዕረ ክንደይ ወሕስነት ኣለዎም?

ክታበታት ቅድሚ ኣብ ህዝቢ ምዝርግሖም ግቡእ ምርመራ ይግበረሎም። ክታበት ንጥዑያት ህጻናት ስለ ዝውሃብ፥ ዝኾነ ይኹን ጎድናዊ ሳዕቤናት ከይህልዎ ብጥብቂ ምቁጽጻር ይግበረሉ። ምስ'ቲ ክታበት ዝተታሓሓዘ ዝኾነ ሳዕቤናት ከይህሉ፥ ኣብ ካብ ሽሕ ክሳብ ሚልዮን ዝበጽሑ ህጻናት ምርምር ይካየደሉ። ብኸም'ዚ ኣገባብ፥ ውሕስነት ናይ ክታበት ይረጋገጽ። ክሳብ ሕጂ ኣብ መንጎ ብሃገራዊ መደብ ክታበት ዝወሃብ ክታበትን፥ ብሓደ ሸነኽ፥ ከም ምጉዳእቲ ሓንጎል፥ ምድንጓይ ምዕባለ ኣካላትን ኣእምሮን፥ ሕማም ባርያ፥ ሽኮርያ፥ ኣብሾ ወይ ሃንደብታዊ ሞት ዕሸል ሕማማት ድማ ብኻልእ ሸነኽ፥ ዝኾነ ይኹን ምትእሳስር ኣይተረኽበን።

## ሕማም ጎረሮ

እዚ ሕማም’ዚ ሓደገኛ ናይ ጎረሮ ረኽሲ እዩ። ሕማም ጎረሮ ዘለዎም ህጻናት፡ ምዕጻው ትቦ ኣየር ከጋጥሞም ይኽእል። ኣብ ኔዘርላንድ እዚ ሕማም ሳሕቲ እዩ ዝርአ። ኣንጻር እዚ ሕማም ክታበት ደው እንተይሉ ግን፡ መሊሱ ክላባዕ ይኽእል።

## ትኽትኽታ

ትኽትኽታ ንኣዋርሕ ዝኸይድ ከቢድ ሰዓል የኸትል። ኣብ ህጻናት ድኻምን ናይ ሓንጎል ዕንወትን የኸትል። በዚ ሕማም ዝተጠቕዑ ህጻናት፡ ናይ ሞት ሓደጋ’ ውን ኣለዎም። ንትክትኽታ ምሉእ ብምሉእ ብክታበት ክትከላኸሎ ኣይከኣልን። ይኹን እምበር፡ ኣብ ዝተኸተቡ ሰባት፡ እቲ ሕማም ውሑድ ሳዕቤን ኣለዎ። ገና ክሳብ ሕጂ ኣብ ኔዘርላንድ ሕማም ትኽትኽታ ስለዘሎ፡ ሓደሽቲ ዝተወልዱ ህጻናት ብዝተኻእለ መጠን ሻቡ ክኽተቡ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

## ቴታኑስ

ቴታኑስ ወጥሪ ጭዋዳታት የኸትል። ቴታኑስ ዘለዎ ሰብ ሕክምናዊ ረዲኤት እንተዘይረኺቡ  ክምወት ይኽእል። እንተኾነ፡ ቴታኑስ ተላባዒ ሕማም ኣይኮነን። ሓደ ሕጻን ብመንከስቲ እንስሳ ዘቤት ወይ ድማ ጉሓፍ ኣብ ቁስሉ እንተ ኣርከሶ ተታኑስ ክሕዞ ይኽእል።

## ፖልዮ

ፖልዮ ኣዝዩ ሓደገኛ ተላባዒ ሕማም ኮይኑ፡ መልመስቲ መሓውራትን ከምኡ’ውን መልመስቲ ጭዋዳታት ስርዓተ ምስትፋስን የኸትል።

## ሕማም ሂብ

ሂፕ ዝብሃል ዓይነት ባክተርያ ዝተፈላለዩ ሓደገኛታት ረኽስታት የስዕብ።  ብከላ ደም፡ ሕማም ኣንቅጺ፡ ረኽሲ ደባኢቶ፡ ከምኡ ውን ረኽሲ ሳንቡእን ረኽሲ መለጋገቦ ኣካላትን ንምጥቃስ ይከኣል።

## ሕማም ወይቦ

ወይቦ ረኽሲ ጸላም ከብዲ እዩ።  ሕዱር ወይቦ ቢ ተደረብቲ ሕማማት ማለት ምጭምዳድ ጸላም ከብድን መንሽሮ ጸላም ከብድን የኸትል። ሓንሳብ ዝውሰድ ክታበት ንምሉእ ዕድመ ካብ መልከፍቲ እዚ ሕማም ይከላኸል።

## ሕማም ፕነሞኮከን

ፕነሞኮከን ዓይነት ባክተርያ ኮይኖም፡ ብርቱዕ ረኽሲ ሳንቡእ ከምኡ ውን ሕማም ኣንቅጺ ዘስዕቡ ታህዋስያን እዮም። ብተወሳኺ፡ በዚ ሕማም ዝተጠቕዓ ህጻን፡ ክጸምም ይኽእል እዩ። እቲ ዝውሃብ ክታበት ንብዙሓት ዓይነት እዞም ታህዋስያን ክከላኸል ይኽእል።

## ጽግዕ

ጽግዕ፡ ንጽኪ ጥፍጣፍ ዘጥቅዕ ሕማም እዩ።  በዚ ሕማም’ዚ ዝተጠቕዑ ህጻናት፡ ናይ ክሳድን ሙጎርርትን ሕበጥ የርእዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ድማ ሕማም ኣንቕጺ የስዕበሎም።

## ንፍዮ

ንፍዮ ደቂቕ ዕንፍሩር ዝፈጥር ዓይነት ሕማም ኮይኑ፡ ብርቱዕ ረስንን ምቕያሕን ምምላጥን ቆርበት የስዕብ። እዚ ሕማም፡ መብዝሕትኡ ግዜ፡ ረኽሲ እዝንን ሳንቡእን፡ ከምኡ’ውን ረኽሲ ሓንጎል የኸትል። ንፍዮ ኣዝዩ ተላባዒ ሕማም እዩ። ሓሓሊፉ’ ውን ህጻናት በዚ ሕማም ዝሞቱ ኣለዉ።

## ፍሮማይ

ፍሮማይ ዕንፍሩር ዘለዎ ሕማም እዩ። ብቐሊሉ ክልለ ዘይክእል ተላባዒ ሕማም እዩ። ኣብ ግዜ ጥንሲ፡ ነቲ ኣብ ማህጸን ዘሎ ዕሸል ኣዝዩ ሓደገኛ እዩ። እቲ ዝውለድ ዕሸል ስንኩል ኮይኑ ክውልደ ይኽእል።

## ኣንቅጺ

ሕማም ኣንቅጺ ዘለዎም ህጻናት፡ ነድሪ ሽፋን ሓንጎልን ብከላ ደምን የኸትለሎም። ዋላ’ውን ካብ’ዚ ሕማም እንተ ሓውዮም ንመዋእል ናይ ምስማዕ ጸገም ከምኡ’ውን ጸገም ናይ የእምሮን ቀጢን ባህርያትን የምጽኣሎም። ሓሓሊፉ’ ውን፡ ብሰንኪ ብከላ ደም፡ መቑረጽቲ ናይ ይእጋር ወይ የእዳው ከኸትል ይኽእል።

## መንሽሮ ማህጸን

መንሽሮ ናይ ማህጸን ተመሓላላፊ ቫይረስ ኮይኑ ናይ መንሽሮ(ካንሰር) የስዕብ። ዝውሃብ ክታበት፡ ካብ ክልተ ዓይነት መንሽሮ ናይ ማህጸን ይከላኸል። እዞም ክልተ ዓይነት መንሽሮ፡ 70% ናይ ዐይነታት መንሽሮ ማህጸን ይውክሉ።

### ውላድካ ብሰንኪ ክታበት ጎድናዊ ሳዕቤን ምስ ዘርኢ ክትገብሮም ዘለካ ነገራት

- ምሕቿፍን ምዝንጋዕን ነቲ ቃንዛ የጉድሎ።
- ረስኒ እንተ ሃሊዎ፡ ውሉድካ እኹል ፈሳሲ ክሰቲ ከም ዘለዎ ግበር።
- ኣብታ ዝተኸተበላ ክፍሊ ኣካላቱ ይቕንዞዶ ፡ ብዝተኻእለ መጠን ንእግሩ ወይ ኢዱ ኣይትሓዞ። ምስ እትሕዞ ቃንዛ ክጋደድ ይኽእል እዩ።
- ውሉድካ ምስ ተኸትበ ብብርቱዕ ምስ ዝቕንዞን ምስ ዝበክን፡ ከም ፓናዶል መሳሊ ፈውሲ ቃንዛ ክትህቦ ትኽእል ኢኻ። ክሳብ ክንደይ ዓቐን ፈውሲ ቃንዛ ከም ትህቦ ምስ’ ቲ መድሃኒት ዝወሃብ ሓበሬታ ተወከስ።
- ሓደ ሓደ ግዜ ወለዲ ንደቆም  ክንውንዎም ይርኣዩ እዮም። ከምኡ ክኸውን የብሉን። ምንናው፡ ናይ ሓንጎል ምጉዳእቲ ከኸትል ይኽእል እዩ።

ረስንን ምዕጻው ሽውሃትን ካብ ክልተ መዓልቲ ንላዕሊ ምስ ዝጸንሕ፡ ብዛዕባ ኩነታት ውሉድካ ንዶክተር ኣማኽሮ።እቲ ቀጨውጨው ዘብሎ ዘሎ ብኻልእ ሕማማት ዝስዓብ ኽኸውን’ ውን ይኽእል እዩ።

## ውጥን ክታበት

| መድረኽ 1 | ክታበት 1 | ክታበት 2 |
|---|---|---|
| **6-9** ሰሙናት | DKTP<br>Hib<br>HepB | Pneu |
| **3** ኣዋርሕ | DKTP<br>Hib<br>HepB | |
| **4** ኣዋርሕ | DKTP<br>Hib<br>HepB | Pneu |
| **10-11** ኣዋርሕ | DKTP<br>Hib<br>HepB | Pneu |
| **14** ኣዋርሕ | BMR | MenC |

| መድረኽ 2 | ክታበት 1 | ክታበት 2 |
|---|---|---|
| **4** ዓመት | DKTP | |

| መድረኽ 3 | ክታበት 1 | ክታበት 2 |
|---|---|---|
| **9** ዓመት | DTP | BMR |

| መድረኽ 4 | ክታበት 1 | ክታበት 2 |
|---|---|---|
| **12** ዓመት | HPV* | HPV*<br>(6 months later) |

### ትርጉም ኣሕጽሮተ ቃል

| | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| D | ሕማም ጎረሮ | HepB | ብጫ ወይቦ፣ወይቦ ቢ | MenC | መኒንግኮሰን ሰ |
| K | ህቅ ሕቆ (ትኽትኽታ) | Pneu | ፐነሞኮከን ሕማም | HPV* | ሁማን ፓፒሎማቪሩስ |
| T | ተታኑስ | B | ጽግዕ | | |
| P | ፖልዮ | M | ንፍዮ | | |
| Hib | Haemophilus influenzae tye b | R | ፍሮማይ | | * ንደቂ ኣንስትዮ ጥራሕ |

### ውላድኩም ከትኽትቡ ዲኹም?
ክታበት ንውሉድካ ካብ ተላባዕቲ ሕማማት ንምክልኻል ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ውድላድካ ክኽተብ ድዩ ኣይክትበን ትውስን ባዕልኻ ኢኻ። ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ተላባዕቲ ሕማማትን ክታበታትን ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.rijksvaccinatieprogramma.nl ተወከስ። ብተወሳኺ’ ውን ኣብ ማእከል ክንክን ጥዕና ህጻናት ንዶክተር ወይ ነርስ ዝያዳ መብርሂ ክህቡኻ ሕተት።

### ውላድካ ኣብ መዓስ ክታበት ይጅምር፧
ህጻናት፣ ካብ 6 ስማንታት ኣትሒዞም ክኽተቡ ይኽእሉ። ክታበት እቲ ዝድለ ውጺት ክህልዎ እንተኾይኑ፣ ነዚ ዝስዕብ ውጥን ክታበት ምኽታል ኣዝዩ ኣገዳሲ ይኸውን።

### ውሉደይ ብምሉኡ ውይ ፈጺሙ እንተዘይተኸቲቡ ውሑስ ድዩ፧
ኣይፋል! እዘን ተጠቒሰን ዘለዋ ክታበታት ኩለን ክኽተበን ኣገዳሲ እዩ። ብኸምዚ ጥራይ እዩ ቀጻሊ ውሕስነት ዝህልዎም። ኣብ ኔዘርላንድ፣ መብዛሕትኦም ህጻናት ተሳተፍቲ ሃገራዊ መደብ ክታበት ስለዝኾኑ፣ እዞም ተላባዕቲ ሕማማት ብዙሕ ኣይረኣዩን እዮም።

### ውሉደይ ሓሚሙ መድሃኒት ኣብ ዝጥቀመሉ ዘሎ ህሞት ክኽተብ ይኽእል ዶ፧
ኣብ ከምዚ ኩነታት፣ ቅድሚ ክታበት ምስ ሓኪም ወይ ነርስ ተማኸር። ምኽንያቱ፣ ሓደ ሓደ ግዜ ክታበት ድሒሩ ክውሃብ ተማራጺ ክኸውን ስለዝኽእል።

### ውሉደይ ክታበት ብምውሳዱ ጎድናኣዊ ሳዕቤናት ክስዕበሉ ይኽእል ዶ?
ከጋጥም ይኽእል እዩ፣ ግን ኩሉ ሳዕ ኣይኮነን። መብዛሕትኦም ጎድንኣዊ ሳዕቤናት ኣብ’ ታ እተኸትቡላ መዓልቲ እንተድኣ ጀሚሮም፣ ኣብ ውሽጢ ክልተ መዓልታት ይገድፎም እዩ። ክታበታት ኣንጻር ንፍዮ፣ ጽግዕ ከምኡ ውን ሩቤላ እቲ ሳዕቤናት ካብ 5 ክሳብ 12 መዓልታት ድሕሪ ክታበት ይጅምር።

> ንውሉድካ ቅድሚ ምክታቡ ፈውሲ ቃንዛ ክትህቦ ተመራጺ ኣይኮነን። ምናልባት እቲ ክታበት ጽቡቕ ከይሰርሕ ስለዝኽእል።

### ህጻናት ብሰንኪ ምኽታቦም ተኸቶሎም ዝመጹ ጸገማት ኣየኖት እዮም?
- ኣብ ግዜ ምንቅስቓስ፣ ኣብ ዝተኸተብዎ ኢድ ወይ እግሪ ቃንዛ ክስምዖም ይኽእል።
- ምቕያሕ ናይ’ ታ ዝተኸትቡላ ቦታ፣ ሕበጥ ወይ ቃንዛ ይገብረሎም።
- ምድካም ሓይልን ምብካይን።
- ረስኒ።
- ህጻናት ዝያዳ ይድቅሱ ወይ ሩፍታ ዘይብሉ ድቃስ ይድቅሱ።
- ህጻናት ካብ 4 ዓመት ንላዕሊ ብሰሪ ወጥሪ ሃለዋቶም ክጥፍኡ ይኽእሉ።

## ውሉድካ ብዝኾነ ጎድናኣዊ ሳዕቤናት ይሳቐ ኣሎ ድዩ?

ንዝኾነ ይኹን ጎድንኣዊ ሳዕቤናት ነቲ ክታበት ዝሃበ ዶክቶር ወይ ነርስ ሓብር። ኩሉም እቶም ጎድንኣዊ ሳዕቤናት ብ ማእከል ምርምር ጎድናዊ ሳዕቤናት መረመራ ይግበረሎም። ብተወሳኺ፣ ብመንገዲ መርበብ ሓበሬታ www.lareb.nl ብውልቅኻ ክትሕብር ትኽእል ኢኻ።

## ናይ ሓበሬታ ወረቐት

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዝወሃብ ክታበት፣ ነቲ ዝተዋህበ ክታበት ዝምልከት ሓበሬታ ዝህብ ወረቐት ከም መሰነይታ ይወሃብ እዩ። እዋናዊ ናይ ሓበሬታ ወረቐት ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.rijksvaccinatieprogramma.nl/bijsluiters ይርከብ።

## ሓበሬታ  ብዛዕባ ክታበት

ሃገራዊ ኢንስቲትዩት ህዝባዊ ጥዕናን ኣከባብን፣ ንኽታበት ዝምልከት ብኣግኡ ግቡእ ሓበሬታ ከም ዝበጽሓካ ይገብር። ናይ ክታበት ኣርኪቭ፣ ብመሰረት ሕጊ ምዕቃብ ውልቃዊ ሓበሬታ፣ ብሃገራዊ ኢንስቲትዩት ህዝባዊ ጥዕናን ኣከባብን ይዕቀብ። እቲ ዝተዓቀበ ኣርኪቭ፣ ንስራሓት ሃገራዊ መደብ ክታበት ጥራይ የገልግል።

## ዝያዳ ሓበሬታ?

ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.rivm.nl/nip ተመልከት። ዝያዳ ሕቶ ምስ ዝህልወካ፣ ን ናይ ማእከል ክንክን ጥዕና ህጻናት ዶክተር ወይ ነርስ ምውካስ ይክኣል።

እዚ ናይ ሐብሬታ ደብተር ብ ሓልዮት

**National Institute for Public Health and the Environment**
PO Box 1 | 3720 BA Bilthoven
www.rivm.nl

ሓምለ 2015

ናይ ጽባሕ ድሕነት ሎሚ ይጅምር

008440